# ውድድር ክዑሶ እግሪ 2012 ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን
# ኣብ ከተማ ጊሰን

ፍስቲቫል ኤርትራ ጀርመን 2012 ንጥፍታት ስፖርት ኩዑሶ እግሪ ብዕለት 07.07.12 ብከምዚ ዝስዕብ ኣብ ከተማ ጊሰን ተካይዱ። ኩሉም መንእሰያትና ሙሉእ ዓመት ብሃንቀውታ ዝጸበይዎ ዝነበሩ ውድድር ኩዑሶ እግሪ ፌስቲቫል ዕድሜና ኣክቢሮም ንፌስቲቫልና ከድምቁ ካብ ሩሑቕን ቀረባን ብኣሰልጠንቶምን ወለድን ተጠርኒፎም ኣብ ሳዓቶም ተረኪቦም። ሎሚ ዓመት ካብ ዛሓለፈ ዓመትታት ፉሉይ ዝገብሮ ከኣ ጋንታታት ካብ ሩሑቕ ከተማታት ብጡርኑፍ ምምጽኦምን ከምኡውን ኩለን እተን ጋንታታት ሓያላት ምንባረን እዩ ። ተሳተፉ ጋንታታት 9ተ ክኾና ከለዋ ፣ ዕድመ ተጻወቲ ድማ 4 ጋንታታት 6-9 ፤ እተን 5 ጋንታታት 15 -17 ዝዕድሚ ኦሚኦም ኔሮም።

- ዕድመ 6-9 ካብ ዞባ ማእከል 2 ጋንታታት ካብ ከተማ ማንሃይም
  2 ጋንታታት ካብ ከተማ ጊሰን

- ዕድመ 15 17 ካብ ሰሜን 1 ጋንታ ካብ ከተማ ሃለ
  1 ጋንታ ካብ ከተማ ሃኖቨር
  ካብ ማእከል 2 ጋንታታት ካብ ከተማ ማንሃይም
  1 ጋንታ ካብ ከተማ ጊሰን

ዳኛታት ኮይኖም ዘጻወቱ ካብ ከተማ ጊሰን ርቤል እምባየን ወርጣ ደጋ ፣ ካብ ሃኖቨር ሙሉጌታ ኢዮብ ፣ ካብ ፍራንክፎርት ድማ ሰሎሙን ሓጎስ እዮም። እቲ ጸወታ በብመደቦም ልክዕ ሰዓት 9:30 ቅ.ቀ. ብውዕዉዕ መንፈስን ብሞራልን ጣቕዒትን ናይቶም ኣብዚ ዓመት ብብዝሒ ተዓዚብቲ ኣብ ሜዳ ስፖርት ተረኺቦምም ዝነብሩ ኣፍቀርቲ ስፖርት ተሰንዮም ጀመሩ።

ኩለን ነንሕድሕደን ምስ ተጋጠማ ካብ ዕድመ 6-9 1ይቲ ጋንታ ማንሃይም1 2ይቲ ጋንታ ጊሰን1 3ይቲ ማንሃይም2 4ይቲ ጊሰን2 ፤ ኣብ ዕድመ 15-17 ከኣ ሓሙሽቲኤን ሓያል ጸወታ ንዓይንኻ ዝማርኽ ኢየን ኣርኤን ። ኣብ ፍርቂ ፍጻሜ ዝተጻወታ ጋንታታት ሃለ ምስ ጊሰን ፣ ሃለ ንጊሰን 3ብ1 ክትስዕራ ከላ ፣ ማንሃይም1 ከኣ ምስ ማንሃይም2 ተጋጢመን ማንሃይም2 1ብ0 ሲዒራ። ቀጺሉ ቀዳመይትን ካልኢይትን ጋንታ ማለት ሃለን ማንሃይም2ን ተጋጢመን። እቲ ጸወታ ሓያልን መሳጥን ኔሩ። ጸወታ ብዓወት ጋንታ ሃለ 3ብ1 ተዛዚሙ ።

ውድድር ክዑሶ እግሪ 2012 ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን ብኸምዚ ዝስዕብ ተዛዚመ ፦
1ይቲ ጋንታ ሃለ ፤ 2ይቲ ማንሃይም2 ፤ 3ይቲ ጊሰን ፤4ይቲ ማንሃይም1 ፤ 5ይቲ ድማ ሃኖቨር። ናይሎሚ ዓመት ዝነበሩ ኩሉም ተጻዎቶት ምንእሰያትና ናይባሓቂ ሓያላት ናይመጻኢ ኤርትራ ወኪሉም ከምዝጻዎቱ ዘተኣማምን ኢዩ ። ንኹለን ዕዉታታት ጋንታታትን ተሳተፍቲን ብወኪል ኣምባሳደር ሃገር ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ዋንጫን መዳልያን ብምዕዳል ፣ ውድድር ክዑሶ እግሪ 2012 ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን ብዓወት ተዛዚሙ።

በዚ ኣጋጣሚ ማሕበረኮም ጊሰንን ደቀ ኣንስትዮ ተቐማጠ ከተማ ጊሰን ንኣቶ ዮናስ ዘሪሁን ፣ ኣቶ ሰለሙን ሓጎስ ፣ ኩሉኹም ስፖርታውያንን ፣ ኣለይትን ሰድራቤትን ፣ ውድድር ክዑሶ እግሪ 2012 ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን ዕዉት ንኽኸውን ብተወፋይነት ንዝገበርዎ ኣበርክቶ ዕዙዝ ምስጋና ይብጽሓዮም።

ናጽነትና ክብረትና
ሰማእታትና ይቕሰኑ
ዓወት ንሓፋሽ

ሓላፊ ስፖርት ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን
ዮውሃንስ ብርሃነ